# ሕሉፍና ተወከሱ

መቓልሕ እምባ ምኻን ማንሃይም

ወይልኦም ክልተ ቐይም ዝለመዱ
እሕሕ !	ሃካያት፡ ትኳቦ ይጽበዩ ኣሎዉ ካብ ጽዓዱ
ግን'ከ ንመድሕን ሃገር ዋርሳይ ተወለዱ
ሽባብ ! ሽግ ዓወት ተረኪቡዋ ከመሓድራ ዓዱ :

ወያናይ ካብ ዝተኾየጥካያ እልባ ኣይፋልካን ውረድ
ፍጹም ኢኻ :  ኣብ ብኹት ፈጽሚ ኣይትጋረድ
ኣይሎሚ ኣይጽባሕ : ክትመክኽ ኢኻ ክምበረድ
ነጺልካ ኣብ ዙፉን ተቐሚጥካ ክትምለስ ኢኻ ገረድ	ትኩርነት !
ይሕሸካ ተመሳሰል ምስ ሻዕብያ ምስ ገባቶ ኣይትዕረድ :

ክልተ ህዝቢ ይደሊ'ሎ ምግዋር
ሰላም	ኣይግድን ኣብ ፍቕሪ ጽልኢ ምስዋር
ዓገብ ጉልበት ከሎ ብምወላ ምጥዋር
ሓላል እዩ ስንገላ ንብኡሳት ምግዋር
ኣይግድን ጥልመትን ጽልእን ምውርዋር :

ለባማት ይብሉ ሕሉፍ ተወከስ ባላ ተደገፍ
ሕሉፍ ተወከስ ብኣጉል ምኽሪ ኣይትበል ሃተፍተፍ
ሻዕብያ ዕያርካ ትፈልጠ'ያ ሙኻኑ ድፍደፍ	ጣቋ
ኣይፋልካን ቃላት ኣይትስዋውን በዚሑ ኮልተፍተፍ
ፈጽሚ ስሒትካ ኣብ ገደል ኣይትጽደፍ :

ሕጂ'ውን ሕሉፍ ተወከስ
ሕገ መንግስትኻ በል ሃሰስ
ጉርሒ	ብሻዕብያ እዩ ጸኒሑ ክእሰስ
ኣኻብሕ እብራጦርያ ኣይትበለን ሃሰስ
ይኣክል ትኳቦ ምወላ ትብለሉ ዘለኻ ደስደስ :

ካብ ጥንቲ ጸጓሬትና ጽንዓት ምስ ትብዓት
ርእሰሙርኮሳ ንምእኩል ስርዓት ንዉጽዓት
ምንስሓብ ሰሚና : ተዓዊትና ተመሊስና ካብ ቅርዓት
ብንያት ጸኒዕና ሖቑ ሓያላን ኀዚና ከም መንድዓት
ብሁል እዩ : ትንሳኤ ኣፍሪቃ ክኸተል ናትና ስርዓት :

ዓወት ንሓፋሽ !

ካብ እምባ ሙኻን  ማንሃይም :